# እግዚኣብሄር ንመዓልታዊ ጉዳያትኩም ወይ ምስ ስድራኹምን ኣዕሩኽትኹምን ንእተሕልፉዎ ግዜ  ሸለል እንዳበልኩም ክትነብሩ ኣይጽበየኩምን ኢዩ።

ዓርቢ፣ ሰነ 14, 2013 ሰዓት 23፣50

ኣዕዚዘ ዝፈትወኪ ጓለይ፣ ሰብ ኣይጸዓድን ኢየ ኢሉ ክኣምን ኣብ ዝጅምረሉ፣ ጠፊኡ ኣሎ ማለት'ዩ። ናይ'ዛ ዓለም ሂወት ንእሽቶ ክፋል ናይ'ቲ መንፈሳዊ ጉዕዞኦም ናብ መንግስተይ ምዃኑ ዘይቅበሉ ብዙሓት ሰባት ኣዝዩ ክቡር ግዜ የጥፍኡ ኣለዉ። እዚ ግዜ ዝብለኩም ዘለኹ እቲ ዘልኣለማዊ ሂወት መታን ክትረኽቡ ትእዛዛተይ እንዳሓለኹም እትነብሩዎ ብእግዚኣብሄር ዝተዋህበኩም ግዜ ኢዩ። ንእግዚኣብሄር እንተዘይተቐቢልኩሞ፣ ነብስኹም ምስኡ ተባቲኻ ኣላ ማለት ኢዩ። ከም'ዚ እንተጌርኩም ሂወትኩም ክትሓጽር ኢያ፣ ስለ'ዚ ኣብ ክንዲ ህያብ ዘልኣለማዊ ሂወት፣ ካብ'ዚ ዓለም ምስ ሞትኩም፣ ሂወትኩም ኣብኣ ከተብቅዕ ኢያ። ኣብ'ዛ ሂወት'ዚኣ እተዋህበኩም ግዜ ደድሕሪ ኣብ ግዜኡ ናብ ሓመድ ዝቕየሩ ዘይጠቕሙ ነገራት ክትጎዩ ክትብሉ ኣይተባኽኑዎ።

እግዚኣብሄር ንመዓልታዊ ጉዳያትኩም ወይ ምስ ስድራኹምን ኣዕሩኽትኹምን ንተሕልፉዎ ግዜ  ሸለል እንዳበልኩም ክትነብሩ ኣይጽበየኩምን ኢዩ። ናይ ሂወት መቐረት ኣብ ዓለም ስለዘስተማቐርኹም ንመንገዲ እግዚኣብሄር ክትስዕቡዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም ማለት ኣይኮነን። ትኽእሉ ኢኹም።
'ዛ ጓለይ፣ ኣስተምህሮይ ክኽተሉ ብዛዕባ ዘለኒ ድሌት ብዝምልከት ንደቅ ሰብ ዘለኒ ትምኒት ብዙሕ ምድንጋር ከምዘሎ ክፍለጥ እደሊ።

ሰሓቕ ጽቡቕ ኢዩ። ምሕዝነት ኣገዳሲ ኢዩ። ዝተማልኤ ሂወት ምስትምቓር ጽቡቕ ኢዩ፣ ትሕትናን ውዳሴን ንእግዚኣብሄር ድሕሪ ምርኣይኩምን ነታ ዝነኣሰት እኳ እትብሃል ታሕጓስ ድሕሪ ምምስጋንኩምን።  ዝኾነ ንጽቡቕ ካልኦት ኣብ'ዚ ዓለም እትቕበሉዎ ህያብ፣ ካብ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ክመጽእ ዝኽእል።  ከመይ ጌርኩም ነዞም ህያባት ትጥቀሙሎም'ሲ ነፍስኹም ኣብ ምድሓና ዓቢ ኣገዳሲ ኢዩ፣ ብእግዚኣብሄር ዝተዋሃብኩሞ ህያብ ምስ ካልኦት ክትማቐሉዎ እንክለኹም። ገለ ዓቢ ትዕድልቲ ተዋሂብዎም፣ እንተኾነ

ኩለን ነፍሳት ምስ ህያባተን ኢየን ተወሊደን። ንኻልኦት ክትሕግዙሎም መታን ክሕግዙኹም ኢዮም ተዋሂቦሙኹም። እቶም ምስ ናይ ንግድ ክእለቶም እተወልዱ፣ እዚ ህያቦም'ዚ ናብ ጽቡቕ ጥቕሚ ከምዘውዕሉዎ ናይ ምርግጋጽ ግዴታ ኣለዎም፣ ንረብሓ ካልኦት። ካልኦት ድማ እቲ ህያቦም ንክንክን ጎረቤቶምን ኣብ ሂወት ካልኦት ሰባት ፍስሃ ከምጽኡ ክጥቀሙሉ ኢዮም። እቶም ስቅያት ዘሕልፉ ነፍሳት ድማ ኣለዉ። ስቅያቶም እንከላይ ህያብ ኢዩ፣ ካልኦት ነፍሳት ኣብ ምድሓን ተራ ስለዘለዎም፣ ከም'ዚ ብምግባሮም ድማ፣ እቲ ልዕሊ ኩሉ ዝዓበየ ህያብ ክቕበሉ ኢዮም - ዘልኣለማዊ ሂወት።

እግዚኣብሄር ሂወት ክህብ እንከሎ ብምኽንያት ኢዩ። ንእግዚኣብሄር ክብሪ ክህቡን፣ ኣብ መወዳእታኡ፣ ሂወት ኣብ ዝቕየረሉ ደቂ ምስኡ መታን ክሓብሩ ኢዩ። ደቂ እግዚኣብሄር ነዚ ለውጢ እዚ ኢዮም ዝዳለዉ ዘለዉ፣ ኣብ መወዳእታኡ እቲ ንኣዳምን ሄዋንን ዝተመብጽዔ ዓብዩ ዘልኣለማዊ ሂወት ንዕኦም መታን ክኸዉን።

ከምቲ ክፈርድ ክመጽእ እንከለኹ ከርእየኩም እትጽበዩዎ፣ ዝካኣለኩም ፍቕሪን ምድንጋጽን ንሓድሕድኩም ክተርእዩ ኣድላዪ ኢዩ። መዓልታዊ ኣብ እትገብርዎ ተግባር፣ ከም'ዚ ኢልኩም ንርእስኹም ሕተቱ፣ እዝስ ንእግዚኣብሄር የሔጉሶ'ዶ? ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣብ ምፍጻም'ሲ እኹል እገብር ኣለኹ'ዶ? ሕግታት እግዚኣብሄር እጥሕስ ኣለኹ'ዶ፣ እንተኾይኑ ድማ ሳዕቤናቱ እንታይ ክኸዉን ኢዩ?
ድሌት ካልኦት ምስ እትሃስዩ፣ ድሌታትኩም'ውን ክጉሰዩ ኢዮም። ደቂ እግዚኣብሄር ኮነ ኢልኩም ምስ እትብድሉ፣ ንስኻትኩም'ውን ክትሳቐዩ ኢኹም። ደቂ እግዚኣብሄር እንተቐቲልኩም፣ ንስኻትኩም'ውን ሂወት ኣይክህልወኩምን ኢዩ። ሂወት ኣብ ምድሪ፣ ዋላ'ኳ ብዙሕ ፍቕሪ፣ ፍስሃን ተስፋን ይሃብኩም፣ ብፈተናታት ዝተመልኤት ኢያ። ነፍሲ ወከፍ ፈተነ ክትገጥሙዎ ኣለኩም፣ ኣብ ምንጻህ ደቂ ከም ናይ እግዚኣብሄር ውጥን ክትቕበሉዎ ኣለኩም።

ሂወትኩም ብዘይ ኣፍልጦ እግዚኣብሄር ክትመርሑ እንከለኹም፣ ሂወትኩም ብመሰረት ባህግኹም ጥራይ ትመርሑ ኣለኹም። ብእግዚኣብሄር ዝተደንገጉ መምዘኒታት እንተዘይሓንጺጽኩም፣ መንገድኹም ክትስሕቱ ኢኹም። መምለሲ መንገዲ ክሳብ ትስእኑዎ ኣርሒቕኩም እንተኸርቲትኩም፣ ሽዑ መታን ጸጋ እግዚኣብሄር ክሕግዘኩም ክትጽልዩ ኣለኩም።

ስለ ጽቡቕ ነፍሲኹም ወይ’ውን ስለ ነቶም እተፍቅርዎም ዘድልዮም ነገር ናብ እግዚኣብሄር እትቕርብዎ ነፍሲ ወከፍ ሕቶ፣ ኩሉ ግዜ መልሲ ኣለዎ።

ናትኩም የሱስ፣

**ኣብ ልዕሌይ ዝላዓል እቲ ዝዓበየ ጽልኣት ካብ ውሽጢ ግዝኣት ሮማውያን ክኸውን ኢዩ**

ቀዳም፣ ሰነ 15, 2013 ሰዓት 16፣48

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ከም'ቲ ኣነ ናብ ጫፍ ጎቦ ቀራንዮ ንበይነይ ዝተጓዓዝኩዎ ጎሳስን ዘኞንዙን መንገዲ፣ እቲ ኣብ ዓለም ተሪፉ ዘሎ ሰራዊተይ'ውን ክጓዓዞ ኢዩ።

**ነዚ ዘሳቒ ዓቕብ ክድይቦ እንከለኹ፣ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ሮማውያን ወተሃደራት ተኸቢበ ነቶም ኣብ መንገዲ ኮይኖም ምጽንናዕ ክህቡኒ ዝደልዩ ዝነበሩ ከልኪሎሞም።** ንሓደ ሰብኣይ ክንድ'ዚ ዝኣኽሉ ዝብዝሖም ወተሃደራት ክሕልዉ ኣድላዪ እኳ እንተዘይነበረ፣ ህላዌኦም ግን ብዙሓት ነገራት ንምርኣይ ኢዩ ኔሩ። ንሰዓብተይን ንዝኾነ ሓቅነት ኣስተምህሮታተይ ከባጽሕ ዝፍትንን መን ሓላፊ ከምዝኾነ ንምርኣይ ኢዩ ኔሩ። እዚ ተግባር ዓመጽ'ዚ ነቶም ደገፎም ንዓይ ክገልጹ ዝደፈሩ ንምፍርራሕን ንምድንዳንን ኢዩ ኔሩ።

ኣይሁድ ነጸጉኒ፣ ድሒሮም'ውን ከሓዱኒ። ሮማውያን ድማ ሰቐሉኒ፣ ኣብ ሞንጎ'ቶም ዘሳጎጉኒ ቤተ ክርስቲያነይ ክትምስረት ስለዝደለኹ ኢየ ድማ እቲ ፍትዊ ሃዋርያይ ጴጥሮስ ኣብ ሮም እታ ምድራዊት ቤተ ክርስቲያነይ ከቑማ ዝተመርሔ።

**ዳግማይ ምጽኣተይ ኣብ ቀረባ እዋን ክፍጸም ብምኻኑን፣ ከምኡ'ውን ንወድ ሰብ ዝተማባጻዕኩሉ ናይ መወዳእታ ድሕነት ከምጽኣሉ ናይ መወዳእታ ተልእኾ ምምላሰይ ኣብ ዝቕልዓሉ፣ ታሪኽ ክድገም ኢዩ።** ሕጂ'ውን ክሳብ እቲ መጠንቐቕታ ዝፍጸም እቶም ኣይሁድ ክነጽጉኒ ኢዮም። ጸላእቲ እግዚኣብሄር ኣብ ኩሉ ኣንጻረይ ክላዓሉ ኢዮም። እቶም ዘፍቅሩኒን እቶም ንውክለካ ኢና ዝብሉን ክኽሕዱኒ ኢዮም።

**ኣብ ልዕሌይ ዝላዓል እቲ ዝዓበየ ጽልኣት ካብ ውሽጢ ግዝኣት ሮማውያን ክኸውን ኢዩ።** ባቢሎን፣ ዓዲ ግዝኣት ሮማውያንን እታ ንእግዚኣብሄር ሓዲጎም ንናይ ሓሶት ኣማልኽቲ ዝሰዕቡ ህዝብታት ዘለዉዋ ቦታ፣ ኩሎም ሓሶታት ዝድርጉሑላ መንበር ክትከውን ኢያ።

**እቲ ብዓል ዓሰርተ ቀርኒ ኣራዊት ኣውሮጳ ኢዩ፣ ኣብ ሮማ ድማ ኣንጻረይ ሰራዊት ክላዓል ኢዩ። ሕጂ'ውን ቅድሚ እታ ዓባይ ዕለት ንስቕለተይ ተሓተትቲ ክኾኑ ኢዮም።** እቲ ናይ መወዳእታ መጥቃዕቲ ብኣኣቶም ክኸውን ኢዩ፣ ንመለኮታዊ ኣካለይ ኣብ ምድሪ ክሰቕሉዎን ክድምስስዎን ኢዮም። ኣካለይ ቤተ ክርስቲያነይ

ኢያ። ሓድሽ ሰረተ-እምነት ከኽተሉ መሪጾም ካብ ኣካለይ ዝፍለዩ፣ ከኸሕዱኒ ኢዮም፣ እንተኾነ ደው ኢሎም ካባይ ከም ዝመጹ ክዛረቡ ትብዓት ኣለዎም።

ኣብታ ሓድሽ ናይ ሓንቲ ዓለም ሃይማኖት ዝእወጀሉ ዕለት፣ ከም'ቲ ዝተነበየ'ውን ገለ ክፋል ካቶሊካዊት ቤተ ክርስቲያን ክቕበሉዎ ኢዮም፣ ሰማያት ክጽልምታ ኢየን፣ ዓብዪ ነጎዳ'ውን ናብ ምድሪ ክወርድ ኢዩ። ከም'ቲ ኣብ መስቀል ናይ መወዳእታ ትንፋሰይ ዝሰሓብኩላ ካልኢት ክኸውን ኢዩ፣ ከም'ቲ ቁጥዔ ኣቦይ ኣብ ልዕሊ ታባ ቀራንዮ ዝወረደ። እዚ ምስኮነን እቲ ምልክት ምምንጣል እታ እንኮን ሓቀኛን ቤተ ክርስቲያነይን ብናይ ሓሶት ኣረሜናዊ ጽያፍ ምስ ተተክኤት፣ ነዚ ክትፈልጡ ኣለኩም። ሽዑ ኢዩ እቲ መቕጻዕቲታት ኣብ ልዕሊ ዘርኢ ደቂ ሰብ ኣብ ዘለዎ ኩሉ ዝዘንም።

**ምስ'ቲ ናይ ሓሶት ነብዩን ምስ'ቲ ጭፍርኡ ዝኸውን ጸረ-ክርስቶስን ዝተጸግዑ ዘበሉ ኩሉ፣ መዓልታቶም ከምዝተቓረባ ንምጥንቓቕ ኩሉ ዓይነት ምልክታት ካብ ሰማያት ክዋሃብ ኢዩ።** ቁጥዔ ኣቦይ ምጥዓም ከመይ ከምዝመስል ክርእዩዎ ኢዮም። ብዙሓት ጳጳሳትን ኣቕሽሽቲን ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ነቲ ሓቂ ክግንዘብዎን ነዚ ክፍኣት'ዚ ክቃለሱዎ ኢዮም። ኣይክርሕርሑንን ኢዮም፣ ነታ ሓቀኛ ቤተ ክርስቲያነይ ኣብ ምድሪ ምምራሕ'ውን ክቕጽሉዎ ኢዮም። እቲ ዘሕዝን ግን፣ ብዙሓት ነዚ ክገብሩ ትብዓት ስለዘይብሎም ከም ናብ መሕረዲኦም ዝምርሑ ኣባጊዕ ክኾኑ ኢዮም፣ እንተኾነ ግዳ ኣነ ፈጺመ ከምዘይርሕርሖም ብምፍላጦም ክጸናንዑ ኢዮም። ብዙሕ ሓገዝ ክስደሎም ኢየ፣ እቶም ዝተረፉ ሰራዊተይ ተሲኦም ንወንጌላት ከባጽሑ ኢዮም፣ ኣብ ዝኾነ ናብ ጎኒ እኳ እንተተገፍዑ። **ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ክሰብኩ ኢዮም፣ ፍርሒ'ውን ኣይክህልዎምን ኢዩ። ንዓይ ዘለዎም ፍቕሪ ንስርሓት እቲ ጸረ-ክርስቶስ ክንበርክኽ ኢዩ።** ንዓይ ብዘለዎም ተኣዛዝነትን ንጸሎታት ገድለይ ዝህቡዎ መልሲን ቢልዮናት ነፍሳት ክድሕኑ ኢዮም።

ሽዑ፣ ውጥነይ ክዛዘም ኢዩ።

ናትኩም፣

የሱስ

**ኣነ ፍቕሪ ኢየ። ኣነ እግዚኣብሄር ኢየ። ክልቲኤን ሓደን ዘይቅየራን ኢየን።**

ረቡዕ፣ ሰነ 19, 2013 ሰዓት 03፣00

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ እቲ ናይ ምድሪ ሰራዊተይ ዓንዲ ናይ ምቛም ድልየተይ ኣብ'ዚ እዋን ይማላእ ኣሎ። ካብ ንኣሽቱ ፍረታት፣ ኣብ ኩሉ ፋሕ ኢሎም ክዓብዩን ክዝርግሑን ኢዮም።

'ዛ ጓለይ፣ እቲ መሰረት ኣገዳሲ ክፋል ኢዩ። ከም'ቲ ኣብ ማሕጸን ዝምስረት ካብ መዳሕንቲ ዝምገብ ማማይ፣ መታን ጥዕንኡ ውሑስ ክኸውን ግዜን ጥንቓቐ ዘለዎ ኣድህቦን የድልዮ። ቀስ ኢሉ ይዓቢ፣ እንተኾነ ፍጹም ብዝኾነ መንገዲ፣ ክሳብ ኣብ መወዳእትኡ ካብ ማሕጸን ወጺኡ ብኣቦይ ንዝተዳለወሉ ሂወት ክነብር ድልዊ ዝኸውን።

ኣወላልዳ እቲ ተረፍ ሰራዊተይ ከምኡ ክኸውን ኢዩ። ኣብ'ዛ ዓለም ቦትኡ ቅድሚ ምሓዙ ብዙሕ ምድላዋት ከድልዮ ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ መሰረቱ ዱልዱል ኢዩ፣ እተን ዝሃንጽኦ ነፍሳት ብሓባር ከም ሓደ ተጣሚረን ሓደ ሓያል ሰራዊት ክሃንጻ ኢየን። ድሕሬኡ እዚ ሰራዊት ከም'ዚ ብዘይብሃል ሓይሊን ፍጥነትን ኣብ ኩሉ ተዘርጊሑ ብምዕባይ ክትርስዖ ዘይትኽእል ሓይሊ ክኸውን ኢዩ። ኣባላት'ዚ ተረፍ ሰራዊተይ፣ ኣነነት፣ ትዕቢት የብሎምን፣ ከምኡ'ውን ሓቅነት ቃለይ ንምርግጋጽ ንዝሕተቱዎ፣ ኣብ ሳይንሳዊ መርመራ ቃለይ ምምርኳስ ዘድልዮም ኣይኮኑን።

ሳይንስ ህያብ ካብ እግዚኣብሄር ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ሳይንስ ንምስጢር እግዚኣብሄር ክገልጾ ኣይክእልን ኢዩ። ስለ'ዚ እቶም ናይ ስነ-ሞጎታዊ መግለጺ ምትእምማን ዘድልዮም፣ ከመይ ኢለ ምስ ደቂ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ከምዝራኸብ ማለት'ዩ፣ ኣብ'ዚ እዋን፣ ተስፋ ክቖርጹ ኢዮም። ፈጺሙ ከዕግቦም ዝኽእል መልሲ የለን።

ንወዲ ሰብ ካብ ዝተዋህቡዎ ሓደ ካብ'ቶም ዓበይቲ ህያባት ፍቕሪ ኢዩ። ፍቕሪ ብሳይንሳዊ መንገዲ ክግለጽ ኮነ ክረጋገጽ ኣይካኣልን ኢዩ፣ ካብ መንፈስ እግዚኣብሄር ስለ ዝመጽእ። ኣብ ውሽጢ ኩሉኹም ድማ ኣሎ። ይስማዓኩም ኢዩ። ንሱ ኢዩ እቲ ሓይሊ ክፍኣት ከዳኽሞ ዘይካኣለ ንደቅ ሰብ ብሓንሳብ ጠሚሩ ሒዝዎም ዘሎ ሰንሰለት።

ኣነ ፍቕሪ ኢየ። ኣነ እግዚኣብሄር ኢየ። ክልቴኤን ሓደን ዘይቅየራን ኢየን። ብዘይ ፍቕሪ፣ ሂወት ኣይምሃለወኩምን። ፍቕሪ ከሕብረኩም፣ ከጽንዓኩም፣ ብሓንሳብ ከጽንሓኩም ኢዩ። ፍቕሪ፣ ነፍሳት ናባይ ከተምጽኡወን ክሕግዘኩም ኢዩ።

ናትኩም

የሱስ

**እቲ ዝዓበየ ሓሶት'ሲ ሰይጣን ንመጻኢ ክንበ ይኽእል ኢዩ ዝብል ኢዩ፣ እዚ ግን ፈጺሙ ኣይክኸዉንን'ዩ**

ዓርቢ፣ ሰነ 21, 2013 ሰዓት 11፣50

ኣዕዚዝኪ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ኣረማዊነት ከም ቫይረስ ኣብ ብምልእታ ዓለም እንዳስፋሕፍሔ ክኸይድ እንከሎ፣ ወድ ሰብ ንነብሱ ከም ኣምላኽ ክሰርዓ ክጅምር ኢዩ። **ብዙሓት ንህላዌ እቲ ሓቀኛ እግዚኣብሄር ዘይኣምና ጉጅለታት፣ ኣብ ኣብያተ መቕደሰን ነቲ ኣራዊት ከምልኻ ኢየን። እዞም ዘደንግጹ ነፍሳት፣ ካብ ክቱር ህርፋን ብዝምንጩ ፍቕሪ ገዛእ ነብሶም፣ ብዘይሕንከት ንሰይጣን ዘምልኹሉ ኣብያተ መቕደስ ኣቐሞ።** ንብዙሓት ብደጌ ዝዕዘቡ፣ እዚኤን ኣብያተ መቕደስ እግዚኣብሄር ዝምለኸሉ ኣብያተ ክርስቲያን መሲለን ይርኣያ ኢየን፣ እንተኾነ ግዳ ከይትዕሸዉ። እቲ እንኮ ዕላምኤን ነቲ ዘልኣለማዊ ሂወት ዝመባጽዓሎም ኣራዊት ንምምላኽ ኢዩ። ነዚ ዝመባጽዓሎም፣ ንነብሶም ብምፍቃር እንተተኣዚዞም፣ እዚ ንፍቕሪ እግዚኣብሄር ንምትካእ ኢዩ፣ ዘልኣለማዊ ናይ ሓጎስ ገነት ክትረኽቡ ኢኹም እናበለ ኢዩ።

እቲ በቲ ምስኦም ብንጹር ብዝረዳዳእ ኣራዊት ንዕኦም ዝተኣትወሎም መብጽዓታት፣ ንዕኦም ኣዔሺኻ ብሓሶት መታን ክኣምኑ ጌርካ ዝተሃንደሱ ኢዮም። ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ'ቲ መንበረ-ታቦት፣ ኣብ ክንዲ ንፍቑር ኣቦይ ነቲ ዘምልኽዎ ጣኦት እንተቐሚጦም፣ ስለ ዓለማዊ ተድላን ስጋዊ ድሌታቶምን ዝሓትዎ ዘበለ ክዋሃቦም ምኻኑ ብምብጻዕ ኢዩ። ድሌታት ገዛእ ርእሶም ካብ ድሌታት ካልኦት እንተቐደሞም፣ ዓብዪ ሃብቲ፣ ዕብለላን ነጻነትን ክዋሃቦም ምኻኖም ኢዮም ዝኣምኑ።

እዞም ሰባት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቀሪቦም፣ ንመለኮታዊ መንግስቲ እግዚኣብሄር ከስዕሮም ዝኽእል ሓይልታት ክዋሃቦም ክሓቱን ክደልዩን ይተባብዑ ኢዮም። ብዘሕዝን መልክዑ፣ ብውጹእ ስስዔኦም ነቲ ንሃብቲን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ክዕብልሉ ንዘለዎም ህርፋን ኬማልኡ ክብሉ ዝኾነ ክገብሩ ድሕር ኣይክብሉን ኢዮም። ናይ ካልኦት ሂወት ከብርሱ ኢዮም። ሸቶኦም ክወቕዑ ክብሉ ነፍሲ ከጥፍኡ ኢዮም፣ መዓልታዊ ንእግዚኣብሄር ክረግሙ ኢዮም።

**ንእግዚኣብሄር ክረግሙ እንከለዉ ሕቡኣት ቅዳሴታት ከካይዱ ኢዮም፣ ብዙሓት እዚኦም ቅዳሴታት ምስጢራውያን ኮይኖም ጸለውቲ/ሓያላት ሰባት እንኮላይ እቶም ንእግዚኣብሄር ኣብ ኣብያተ ክርስቲያኑ ነገልግሎ ኢና ዝብሉ ክሳተፉዎ ኢዮም።** ሰይጣናውያን በዓላቶም ልሙዳት ኮይኖም፣ ብዝገብሩዎ ተግባራት ይኾርዑ ኢዮም። ኣብ ውሽጢ ነፍሳቶም ሕንከት ዝበሃል ስለዘየሎ'ሲ ነቶም ህንጻታቶም ኣብያተ መቕደስ

ኢሎም ኢዮም ኮሪዕም ዝጽውዕዎም። እዚኤን ኣብያተ መቕደሳት ንሰይጣን ከኽብራ ኢየን ቆይመን፣ ንእግዚኣብሄር ኣይኮነን፣ እንተኾነ ብኣንጻሩ ከም ዝኾነ ከእምንኹም ኢዮም።

በቲ ጥፍኣተኛ ዝኾንሉ ኣብ ልዕሊ ዓሌት ወድ ሰብ ብዝፈጸሙዎ ገበናትን ኣንጻር እግዚኣብሄር ብዝበልዎ ጽያፍን፣ ኣነ ከቐጽዖም ኢየ። **ብዙሓት ካብኣቶም፣ በቲኤን ናይ ኣቦይ ፍሉይ መጸውዒ ዝኾና ሓረጋት ኢዮም ዝረግሙዎ። ኣቦይ፣ "ኣነ መጀመርያ ኢየ" ኢሉ። "ኣነ ኢየ" ብኣኣቶም ንነብሶም ዘለዎም ፍቕሪ መርኣዪ ኮይኑ፣ ነፍሲ ወከፍ ቅዱስ ስራሕ፣ ተግባርን ክወዳደሩዎ ኢዮም፣ መታን ከራኽሱዎ ነተን ብእግዚኣብሄር ንዓለም ዝተዋህባ ቃላት'ውን ከደግሙወን ኢዮም።**

ኣብያተ መቕደሶም፣ ኣብ እዋን'ቲ ዓብዪ መቕጻዕቲ፣ እግዚኣብሄር ፋሕ ብትን ከብለን ኢዩ፣ ኣብ ልዕሊ ደቂ እግዚኣብሄር ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ዘይብለን ኮይነን ከባድማን ጥርሔን ከተርፋን ኢየን። እንተኾነ፣ ከም ኩሎም ደቂ እግዚኣብሄር፣ ቅድሚ እታ ዓባይ መዓልቲ ንሰይጣን ክነጽጉዎ ዕድል ክዋሃቦም ኢዩ። ገሌኦም ንናይ ምሕረት ኢደይ ክቕበሉ ኢዮም፣ ብዙሓት ግን ክነጽጉዋ ኢዮም፣ በቲ ኣራዊት ኣብ ነፍሳቶም ዝተወቀጡ ዲያብሎሳዊ ሓሶታት ስለዝኣምኑ።

ንዓለም ብምቁጽጻር፣ ኣድማሳዊ ፍልጠቶም ብምስፋሕ፣ ዕድመ ሰብ ብምንዋሕ ንሂወት ብምቁጽጻር፣ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም ብምንካይ ከም እግዚኣብሄር ዝኾኑ ኮይኑ ይስምዖም።

ሰይጣን ከመይ ኢሉ ነፍሳቶም ከም ዝማርኽ ኣዝዩ ጥንቑቕ ኢዩ። መጻኢ ከመይ ከም ዝመስል ራኢ የርእዮም እሞ፣ ናትኩም ኢዩ ይብሎም። ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ዘጋጥሙ ዓበይቲ ፍጻመታት ይነግሮም እሞ፣ ንስኹም ክትጥቀሙሉ ኢኹም ይብሎም። ኩሎም ሓሶታት ኢዮም። ዋላሓደ ካብ'ቲ ዝነግሮም ሓቂ ዝበሃል የብሉን። ሰይጣን፣ ከም ሉሲፈር ተባሂሉ ኣብ ደረጃታት ናይ ኣቦይ መላእኽቲ ካብቶም ዝላዓለ ስልጣን ዝነበሮም መልኣኽ እንከሎ ብኣቦይ ዝተዋህቦ ብዙሓት ሓይልታት ኣለዎ። ንሰዓብቱ ጽቡቕ ስእልታት ናይ ዓብዪ መጻኢ የርእዮም እሞ፣ ነፍሳቶም ንዕኡ ኣሕሊፎም እንተሂቦም ናቶም ምኳኑ ይነግሮም። ብናይ መጻኢ መብጽዓኡ ይኣምኑ ኢዮም።

**እቲ ዝዓበየ ሓሶት'ሲ ሰይጣን ንመጻኢ ክንበ ይኽእል ኢዩ ዝብል ኢዩ፣ እዚ ግን ፈጺሙ ኣይክኸዉንን'ዩ። ትንቢት ካብ እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ክመጽእ ዝኽእል።** እዚ ህያብ'ዚ ንማንም ኣይተዋህበን፣ ካብ ከናፍር እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዩ ክፈስስ ዝኽእል። ሰይጣን ናይ መጻኢ ፍጻመታት ፈጺሙ ክንበ ኣይክእልን ኢዩ፣ እዞም ዝርዝራት ንነብያት እግዚኣብሄር ጥራይ ኢዮም ክዋሃቡ ዝኽእሉ። ብመብጽዓታት ሰይጣን ትኣምኑ

እንተኼንኩም፣ ሂወትኩም ናይ ሓሶት ክትከውን ኢያ ክሳብ ነቲ ሓቂ ዘይተቐበልኩም ድማ ዘልኣለማዊ ሂወት'ውን ናትኩም ኣይክትኸውንን ኢያ።

እግዚኣብሄር ዘልኣለማዊ ሂወት ተማባጺዕልኩም ኢዩ። ዳግማይ መጺኤ ንገነት ክወስደኩም ምኽነይ ዝኣተኹዎ መብጽዓይ ሓቂ ኢዩ። ነቲ ሓቂ ብምንጻግ ንእግዚኣብሄር ኣይተዋርዱዎ።

ናትኩም የሱስ

## እግዚኣብሄር እቲ ኣቦ፣ ወደይ ከም ሓጥእ ክውሰድ ከሎ፣ እዚ ዝዓበየ ምርኻስ ኢዩ

ሰንበት፣ ሰነ 23, 2013 ሰዓት 18፣18

ዝኸበርኪ ጓለይ፣ ሓደ ወላዲ ውላዱ ሞት ከምዝገጠሞ ምስ ዝፈልጥ'ሲ ከመይ ኢዩ ዝገብሮ? ክሳብ መወዳእታ ኣዕጽምቶም ስለድሕነት ውላዶም ኣይምተቓለሱን'ዶ? ስለ'ዚኣ ልክዕ ምኽንያት ኢየ ድማ ሕጂ ህይወት ደቀይ ከድሕን ወደይ ነቲ ሓቂ ክነግር ብምምራሕ ኣብ ዓለም ጣልቃ ዝኣቱ ዘለኹ።

እቶም ደቀቕቲ ነገራት ኣብ ሂወት'ዮም ብደረጃ ዓለም ሳዕቤን ዘለዎም። ንህቢ ባህርያታ እንተቐዪራን ጽገ ክፍጠር እንተዘይክኢሉን ኣብ ዓለም ኣብ ዘሎ ሂወት ቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ። ብመንገዲ እታ ኣብ ምድሪ ዘላ ቤተ-ክርስቲያን ወደይ ኢዩ ሂወት ናይ ነፍሲ ክእለ ዝኽእል። ብዘይ'ቲ ሓቂ ድማ ቤተ ክርስቲያን ወደይ ንሂወት ክትሕግዝ ኣይትኽእልን ኢያ። ስለ'ዚ፣ ሓሶታት ንመናድቕ ቤተ ክርስቲያን እንተዘሪቖም፣ ብዘይ ናተይ ጣልቃ ምእታው፣ ሂወት እታ ነፍሲ ክጽሎ ኢዩ።

**ቤተ ክርስቲያን ኣንጻር እቲ ዝፈጠራ ኣብ ትላዓለሉ ግዜ፣ ሽዑ ኢያ ሂወት ትድምሰስ። እዚ ወረራ'ዚ ኣብ ሙሉእ ዓለም ቀጥታዊ ጽልዋ ኣለዎ፣ እንኮላይ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሂወት ድሕሪ'ዛ ሂወት ኣሎ ኢሎም ዘይኣምኑ።** ነቶም ካባይ ዘይመጹ ኣብ ካልእ ሃይማኖታት ዘለዉ'ውን ይጸሉ ኢዩ። እቶም ሓሶታት ነቲ ተኣምራታዊ ኣካል ወደይ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝወሩሉ፣ ሕማም ከስዕቡ ኢዮም። ሕማም፣ እንተዘይተገጢሙ፣ ናብ ሞት ክመርሕ ኢዩ። በዚ ምኽንያት፣ ከም እግዚኣብሄር፣ ኣቦ ኩሎም ፍጥረታት፣ ኣብ ድሕሪት ደው ኢለ ጸላእተይ ንነፍሳት ደቀይ ከብርሱ ኣየፍቅድን ኢየ።

**ሓሶት ክገጥመኩም እንከሎ፣ ካብ ኣፍ'ቶም መታለልቲ ከም ዝተደናገሩ ዝተደባለቑ ትርጉም ኣልቦ ኮይኖም ሕንፍሽፍሽ ኢሎም ኢዮም ዝወጹ። እቶም ድሮ ጀሚሮም  ዘለዉ ሓሶታት፣ ኣብ ትሕቲ ትሕትና ዘለዎ ብዝመስል ቋንቋ  ኣድብዮም ኣለዉ፣ ግን እቶም ዝዓበዩ ሓሶታት ኣንጻር እቲ ሓቀኛ ኣስተምህሮ ቤተ ክርስቲያን ሓቢኦም ሒዞም ኣለዉ።** ሓቀኛ እንታይነ'ቶም ፍለጡዎም - ሓጥያት ንኽትፍጽሙ ክሽሕጡኹም ዝተላእኩ ኢዮም። ወደይ ከም ሓጥእ ክሕሰብ እንከሎ፣ እዚ እቲ ዝዓበየ ምርኻስ ኢዩ፣ ዘይካኣል ነገር ስለዝኾነ።

ንወደይ ከም ሓደ ከም ኩላትኩም ስጋ ለበስ ኢየ ሰዲደዮ፣ ሓንቲ ትፈልዮ ነገር ግን ኔራ። ብዘይ ሓጥያት ስለዝተወልደ፣ ሓጥያት ክፍጽም ኣይክእልን ኔሩ። ዝኾነ ነቲ ሓቂ ጠውዩ፣ ንስቕለት ፍቑር ወደይ ሓድሽ ትርጉም ክውህቦ ዝፍትን፣ ሓሳዊ ኢዩ። ካባይ ዝመጸ ኣይኮነን፣ ጸላኢ ወደይ ድማ ኢዩ።

ሕጂ ተመልከቱ፣ ኣቱም ንኣሽቱ ደቀይ፣ እቲ ኣራዊትን ንዓኹም ካባይ ንምፍላይ  ንሱ ዝላኣኾም ጭፍራታቱን ኣብ ሞንጎኹም ክመላለሱ እንከለዉ። ጽኑዓት ክትኮኑ ኣለኩም። ወደይ ኣብ ምድሪ ኣብ ዝነበረሉን ንሓጥያትኩም ኣብ ዝሞተሉን ነቲ ሓቂ ከም ዝሃበኩም ኩልግዜ ክትፈልጡ ኣለኩም። **ንዓኻትኩም ከምልስ ስጋኡ ሂቡ፣ እንተኾነ ኣይሓጥኤን፣ ንሱ ሓድ ካባኹም ኣይኮነን እሞ።**

ንቃለይን ንኣስተምህሮ ወደይን ተኣመንቲ ኴንኩም ጽንሑ። እንተዘይኴንኩም፣ ሓሶታት ክትቅበሉ ክትፍተኑ ኢኹም፣ እዚ ድማ ዘልኣለማዊ ስቅያት እምበር ካልእ ዘምጽኣልኩም ነገር የለን።

ፍቑር ኣቦኹም

ልዑል እግዚኣብሄር

**እቲ ሓቂ ነጻ ከውጻኩም ኢዩ። ሓሶታት ከብርስኹም ኢዮም።**

ሰንበት፣ ሰነ 23, 2013 ሰዓት 18፣37

ኣዚኺ እተፈቖርኪ ዓለይ፣ **ብስቅያት እቶም ፍቑራት ኣገልገልተይ ክሳብ ክንደይ ልበይ ከም ዝሰበር፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያነይ ዝቐርብ ዘሎ ምድንጋር ሕጂ ኢዮም ክርእዩዎ ዝጅምሩ ዘለዉ።** ንዓኣቶም፣ እዚ እብሎም። ኣብ ትሕቲ ናሕሲ ቤተክርስቲያነይ ጽንሑም፣ ንዓይ ከተገልግሉ ክትገብሩዎ ዝግባኣኩም ግበሩ። ንኣስተምህሮታተይ ጽኑዓት ኴንኩም ጽንሑ። ብዛዕባ መን ምዃነይ፣ ንደቂ ሰብ እንታይ ጌረሎም ወይ ከመይ ኢለ ነቶም ምሕረተይ ዝቕበሉ ደቂ እግዚኣብሄር ክእክቦም ከም ዝምለስ ዝምልከቱ ሓደስቲን ትምህርተ-ሃይማኖታዊ መግለጺታትን ተባሂሎም ዝጽውዑ - ከይትቕበሉዎም።

ኣነ ኢየ እቲ ሓቂ። እቲ ሓቂ ድማ ተዋሂብኩም ኢዩ። እቲ ሓቂ ጥራይ ኢዩ ድማ ንነፍሲኹም ካብ ኩነኔ ዘድሕና። እቲ ሓቂ ነጻ ከውጻኩም ኢዩ። ሓሶታት ከብርሱኹም ኢዮም። ንነፍሲ ወከፍኩም ክቡራት ቅዱሳን ኣገልገልተይ፣ ኣብ'ቲ እምነትኩም ክሳብ ጥርዙ ዝፍተነሉ ግዜ ምስጓግ መታን ክትዕቀቡስ፣ ነዚ ዝስዕብ ጸሎት እንተደጊምኩም፣ ፍሉይ ጸጋታት ብልቢ ይመባጻዓልኩም ኣለኹ።

**ጸሎት ገድሊ (110) ኣቕሽሽቲ መታን ንቕዱስ ቃልካ ተኣሚኖም ክጸንሑ**

*ኦ ኣዚኻ ክቡር የሱሰይ፣ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ቅዱስ ቃልካ ንዘሎ ሓቂ መታን ክምክተሉስ፣ ጽኑዕ ተባዕን ክትገብረኒ እልምነካ ኣለኹ።*

እቲ ዘድልየኒ ጸጋ ሃበኒ - እምሕጸነካ ኣለኹ - ኩልግዜ ብዛዕባ ቅዱስ ቃልካ ምስክርነተይ መታን ክህብ።

*ንዘይሓቅታት ከስፍሕ ንዘለዉ ጸቕጥታት ክጻወር ኣኽእለኒ፣ ብልበይ ከምዘቐየሙኻ ኣብ ዝፈልጠሉ።*

*ንቅዱስ ቃልካ ሓቀኛ ኴይነ ክጸንሕ ሓግዘኒ፣ ክሳብ ዕለተ ሞተይ። ኣሜን።*

*ንቅዱሳት ኣገልገልተይ፣ ሓንቲ ተወሳኺት ናይ መጠንቐቕታ ቃል ንዓኹም ኣላትኒ።*

ስለ ህያብ ዕርቂ ክትከላኸሉ ኣለኩም፣ ከምኡ’ውን እቶም ብሓጥያቶም ተጣዒሶም ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ከም መፍትሕ ድሕነቶም ዝቕበሉኒ ጥራይ ኣብ ገነት ምሳይ ከምዝኾኑ ክትፈልጡ ኣለኩም።

ናትኩም የሱስ

**ኣደ ኣምላኽ፣ ወደይ ንዝማሃረኩም ሓቀኛታት ኴንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም። ብዘይካ ኣብ ሓጥያት'ሲ ኣብ ካልእ ኩሉ ከማኹም ኢዩ ኔሩ**

**ሰኑይ፣ ሰነ 24, 2013 ሰዓት 14፣18**

ኣነ እታ እተፍቅሩዋ ኣዴኹም ኢየ፣ ንግስቲ ኩሎም መላእኽቲ፣ ኣደ እግዚኣብሄር። ኣነ እታ ንጽህቲ ጥንሲ ኢየ።

ደቀየ፣ ኣብ'ዚ እዋን ወደይ ንኩሉኹም እቶም ኣብ ቅድሜኡ ብክፉት ልቢ ዝመጻኹም ይመርሓኩም ከም ዘሎ ትፈልጡ'ዶ?

መታን ምስክርነትኩም ነቲ ጎይታ፣ እግዚኣብሄር፣ ብመንገዲ እቲ እንኮ ወዱ ክትህቡሲ፣ ንኣስተምህሮታቱ ቅኑዓት ኴንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም። ኣብ እምነ ዝተቐርጹ ስለዝኾኑ'ሲ ብኸምኡ ፈጺሞም ክቕየሩ ዝኽእሉ ኣይኮኑን። እቲ ሓቂ ፈጺሙ ክቕየር ኣይክእልን ኢዩ። ኩሉም ደቂ እግዚኣብሄር እቲ ሓቂ ተዋሂቡዎም ኔሩ፣ እንተኾነ ግዳ ኩሎም ኣይኮኑን መን ምንባሩ ወይ ካበይ ምምጽኡ ዝተቐበሉ። እቶም ብስቕለት ፍቑር ወደይ የሱስ ክርስቶስ ንዓለም ንዝተዋህባ ሓቂ እትቕበሉ፣ እንታይ ከም ዝበለኩም ክትርስዑ የብልኩምን።

ኩሉ ነገር ገሊጽልኩም ኢዩ። ዝተቐየረ ነገር የለን። ኩሉ ግዜ ንቑሓት ክትኮኑ ኣለኩም፣ ምኽንያቱ ድሮ የጋግዩኹም ኣለዉ ከምኡ'ውን ኣብ ቀረባ ብዙሓት ካባኻትኩም ናብ ጌጋ ክወድቁ ኢዮም።

ሓጥያት ሓጥያት'ዩ። ንኣምላኽ ኣየሕጉሶን ኢዩ፣ እንተኾነ ግዳ ጣዕሳ እንተርኢኹምን ንድሕነት እንተሓቲትኩም ይሕደገልኩም ኢዩ። ናይ ዘልኣለማዊ ሂወት ጸጋታት ንኹሎም ዝሓቱሎም ደቂ እግዚኣብሄር ኢዮም። ነፍሲ ወከፍ ደቂ እግዚኣብሄር፣ ብመንገዲ ምሕረት ወደይ፣ ግዜ ክዋሃቦም ኢዩ፣ ከምኡ'ውን መዘከርታ እቲ ሓቂ ዝኾነ ዓብዩ ህያብ። በዚ መንገዲ፣ መብዛሕትኦም ህዝቢ ዓለም ክድሕኑ ኢዮምን፣ ይኽእሉን ኢዮም፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ታ ሓዳስ ገነት ህያብ ሂወት ክዋሃቦም ኢዩ።

ከም ሓጥእ መጠን፣ ብመንገዲ ወደይ ሕድገት ክትሓትቱ ኣለኩም፣ መታን ኣብ ጸጋዊ ኩነት ክትጸንሑ። ካብ ወደይ ህያብ ዕርቂ እንተዘይሓቲትኩም ንሓጥያትኩም ሕድገት ክግበረልኩም ኣይካኣልን ኢዩ።

ወደይ ንዝማሃረኩም ሓቀኛ ኳንኩም ክትጸንሑ ኣለኩም። ብዘይካ ኣብ ሓጥያት ኣብ ኩሉ ነገር ከማኹም ኢዩ ኔሩ። እግዚኣብሄር ኩሉ ዝከኣሎ ኢዩ። እግዚኣብሄር ፍቕሪ ኢዩ። እግዚኣብሄር ፍጹም ኢዩ። እግዚኣብሄር፣ ብመንገዲ ወዱ፣ ሓጥያት ክፍጽም ክፍተን ዝከኣል ኣይነበረን።

ብሰላም ተጓዓዙ፣ ክቡራት ደቂ፣ ነቲ ካብ እግዚኣብሄር ጥራይ ዝመጽእ ሓቂ ሓንሳብ ጽኑዓትን እሙናትን ኳንኩም ምስ እትጸንሑ፣ ሙሉእን ዘደንቕን ሂወት ብኣካልን ብነፍሲን ከምኡ'ውን ብፍጹም ውህደት ምስ ወደይ ክትነብሩ ኢኹም።

ኣዴኹም

ኪዳነ ምሕረት

**ውሑዳት ብኣይ ምጽንናዕ ይረኽቡ። ብዓቕሊ ይጽበዮም፣ እንተኾነ ናባይ ኣይመጹን**

ሰሉስ፣ ሰነ 25, 2013 ሰዓት 20፣45

ኣዚኺ ዝተፈተኺ ጓለይ፣ ኣብ ውሽጢ ልቢ ናይ ሰብ ዝተራእየ ሕሰም ናይ'ቲ ክፍኣት ክውስኽ እንከሎ፣ ሎሚ ንበዓተይ ይውሕዝ። **ልብታቶም ኣዝዩ ካብ ምትራሩ ዝተላዕለ፣ ኣብ ውሽጦም ምድዕዓስ ንኽረኽቡስ፣ ንዓይ ንየሱስ ክርስቶስ ዝኸውን ቦታ ኣይገደፉን።**

ሕጂ ልበይ ብጓሂ ክብ ለጠቕ ይብል፣ ነቶም ካብ'ቲ ሓቂን ኩሉ ዝምሃርኩዎምን ዝርሓቑ ክርስቲያናት። **ውሑዳት ብኣይ ምጽንናዕ ይረኽቡ። ብዓቕሊ ይጽበዮም፣ እንተኾነ ናባይ ኣይመጹን። ካባይ ዝፈልዮም መንደቕ ፈጢሮም፣ ነቲ ናይ ዳግማይ ምጽኣተይ መብጽዓ ኣፋዊ ጥራይ ይዛረቡሉ። እቲ ዝበልኩዎ፣ እቲ ንድሕነቶም ዝገበርኩዎ፣ ብመንገዲ መጽሓፍ ኣቦይ ኣቢለ እቲ ዕለት ክቕርብ እንከሎ ነቲ ግዜ ክጽበዩዎ ዝነገርኩዎም ከመይ ረሲዖሞ።**

ኣቱም መሳኪን፣ መሳኪን ደቀይ፣ ካብ'ዛ ሂወት ጓሂን ኣሸገርቲ ፈተናታትን ምጽንናዕን ምፍኳስን ቃንዛ ክቕበሉ እንተኾይኖም፣ መጀመርያ ፍቕሪ ናተይ ልብታቶም ከበራበር ክገብር ኣለኒ። **ኣእዳዎም ዘርጊሖም ሕጂ ክጽውዑኒ ኣለዎም፣ ኣብ'ዛ እዋን፣ እቲ መሰጋገሪ ቃንዛ ዘይብሉ ክገብረሎም እንተኾይኖም።**

ኣብ ልዕሊ ደቂ እግዚኣብሄር ስቅያት ከውርድ ድሌት የብለይን። እንተኾነ፣ ሓቅነት ኣስተምህሮታተይን ብኣቦይ ንዝተደንገጉ ሕግታትን ብምንጻጎም፣ ቅድሚ ምሕረተይ ናብ ኣእዳወይ ስሒቡ ዘድሕኖም፣ ናብ ሕሱም ውግእ ምስ'ቲ ክፉእ መንፈስ ክሳሓቡ ኢዮም።

ነቲ እንኮ ሓቀኛ እግዚኣብሄር፣ ክሳብ ክንደይ ንእሽትለይ'ኳ እምነት ኣብ ልቦም ዘይብሎም። ክሳብ ክንደይ ከምዝገላበጡን፣ ቀልጢፎም ንሓሶታት ከምዝቕበሉ፣ ስለ'ቲ ንሓጥያት ዘለዎም ጽምኢ ከርውዩ ክብሉ። ምስ መንገድታት ሂወቶም ተሳንዮም ንሓጥያታቶም ከም ቅቡል ክሳብ ዝገበሩሎም'ሲ ሓሶታት ክቕበሉስ ክሳብ ክንደይ ኣብ ቀረባ ኢዮም። ፣

ዝኾነ ሓቂ ዝመስል፣ ንሓጥያት ብመንገዲ ሰብኣዊ ኣእምሮ ከም ቅቡል ዘግብር ምኽንያት ክሳብ ዘሎ፣ ነዚ መንገዲ ጥራይ ኢዮም ዝመርጹ፣ ከም ድላዮም ሂወቶም መታን ክመርሑ። **እቲ ሓቂ ንኽትውሕጦ ኣዝዩ ኣሸጋሪ፣ ንኽተኾምስዖ'ውን ዓጻቕ ኢዩ፣ ብኽም'ዚ ምኽንያት ድማ ንኽትቅበሎ'ሲ ብስጋ ዝኸፈሉ**

**መስዋእቲታት ኣለዉ። እቲ ሓቂ፣ እንተተቐቢልካዮን ምስ እትቕበሎን፣ ብዙሕ ትብዓት ዝሓትት ኢዩ፣ እቲኦም ህያብ ትሕትና ዘለዎም ጥራይ ኢዮም ብቐሊሉ ብልቢ ሓንጎፋይ ክብሉዎ ዝኽእሉ።**

እቶም ብቐንዕና ንሓቂ እግዚኣብሄር ዝደልዩዋ ሰባት፣ መብዛሕትኡ ግዜ እቶም ቃል እግዚኣብሄር ንእውጅ ኢና ዝብሉ ሰባት የጋግዩዎም ኢዮም። ነቲ ሓቂ እትረኽቡሉ እንኮ ቦታ ኣብ'ቲ ኣዝዩ ቅዱስ መጽሓፍን ኣብ'ዚ ብመንገዲ እዞም መልእኽታት ዝህበኩም ቅዱስ ቃለይን ኢዩ።  መልእኽትታተይ ከም'ቲ ኣብ መጽሓፍ ኣቦይ ዘሎ ጌሩ ነቲ ቅዱስ ቃል እግዚኣብሄር የጽንዖ።

ንዓይ ምፍቃር ቀሊል ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ልክዕ ከም ሓደ ተራ ቆልዓ ጥራይ ኴንኩም ናባይ ክትመጽኡ ስለእትኽእሉ። እቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወትኩም ንዓለም እተርእዩዎ ቃናኹምን ግርማኹምን ንጎኒ ክትገድፍዎ ኣለኩም። ናባይ'ሲ ከም ሓደ ተራ፣ ኣማኒ ህጻን ጥራይ ኢኹም ክትቀርቡ እትኽእሉ። ኣብ ቅድመይ ቀሪብኩም፣ ናባይ ክወስደኩም፣ ክቐርጸኩም፣ ኣብ'ቲ ናብ ቅድስና ዝመርሕ ቅኑዕ መንገዲ ክትጓዓዙ ክሕግዘኩምን ሽዑ ድማ ብፍጹም ኣባይ እምነት ከተሕድሩ ክትሓቱኒን ኣለኩም።

ሓንሳብ ንዓይ ብሙሉእ ስዩም ምስበልኩም፣ ሓፍ ከብለኩም ኢየ፣ ፍርሓትኩም ከወግዶን ናብ መንግስተይ ክወስደኩምን ኢየ። ዋላ ሽዑ፣ ፍቕሪ እግዚኣብሄር ኣብ ነፍሲኹም እናሃለወ፣ እዚ መንገዲ ኣሸጋሪ ኮይኑ ክትረኽቡዎ ኢኹም። እንተኾነ ግዳ፣ ልክዕ ከም'ዚ እቲ ጽልግልግ ዝተኣልየ ኮይኑ ክስማዓኩም ኢዩ፣ ምኽንያቱስ ሓንሳብ እቲ ሓቂ ንጹር ምስኮነ፣ ዝኾነ ክትጓዓዙዎ እትደልዩዎ ካልእ መንገዲ ኣይክህሉን ኢዩ። እቲ ናብ ገነት ዝመርሕ እንኮ ጎደና ንሱ ጥራይ ስለዝኾነን ናባይ ናብ የሱስ ክርስቶስ ክትመጹ እትወስዱዎ መንገዲ ንሱ ስለዝኾነን። ኣነ እቲ መንገዲ ስለዝኾንኩ።

ናትኩም የሱስ